# ህግደፍ  ተሓተቱ

ህግደፍ ካሕዳያት ንዑ ተሓተቱ

ናይ’ቲ ኹሉ መንእሰይ ዝጠፋኤ ሃውቲቱ

ናይ’ቶም ሰኣን ሕክምና ኣብ ኢድኩም ዝሞቱ

ናይ’ቶም  ዝተጸለሉ ኣእምሮኦም  ዝሰሓቱ

ናይ’ቶም ፓትሪያርክ ካብ መንበሮም ዝተጎቱ

ናይ’ቲ  ወደባት ዝተነቕለ ጉልቱ

ናይ’ቲ  ዝተኣስረ  ዝተሰብረ  ምሕኹልቱ

ናይ’ቲ  ዝደኸየ  ዝነደየ   ሃብቱ

ሸቃጣይ  ተኸልኪሉ  ከይወጽእ  ከይኣቱ

ገዲም  ኣሲርኩሞ  ጠፊኡ ሃለዋቱ

ምሁር ኣፍሪሕኩሞ   ኣፉ   ተለኺቱ

ጋዜተኛ ኣሲርኩሞ ሓቂ ከየዘንቱ

ገንዘብ  ኣይፍለጥ  ኣበይ  ከምዝኣቱ

መልሲ  ዘይትህቡ   ንዝሓቱ

መእመን ትኽልክሉ ካብ እምነቱ

ከመይ ዝበለ  ግዜ’ዩ  እንታይ’ዩ መዓቱ

ደሞዝ  ዘይትህቡ   ዘፍሰሰ  ጉልበቱ

ሰብ  ከይሕከም ኣፍውስ  ትዓግቱ

ሰብ ከይበልዕ ኣኽሊ ሸሸሚቱ

ረዲኤት ከልኪልኩሞ  እኽሊ  ከይኣቱ

ዕላማኹም እንታይ’ዩ   ጠፉኣና ብልሓቱ

መግዛእቲ ኣምጺእኩምልና   ፍሉይ ዝዓይነቱ

ንስኹም ገዲድኩም ካብ መንግስቱ

ኣየ! ተካል  ህዝቢ ዘይውዳእ መዓቱ

ትጽውዑ ኣለኹም ብሕጊ ክትሕተቱ

ሱቕ ኢልና'ዶ ክንጠፍእ ብሓደ ኣፈቱ

ፍትሒ ድኣ ንረክብ ንኸውን ንምሸቱ

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ይፈረድ በብናቱ

ንዑ ደኣ ሕጅስ ህግደፍ ብሕጊ ተሓተቱ

እንዳረኣና እንዳሰማዕናዶ ህዝቢ ከተጽንቱ

ሎምስ ተረዲኡና'ዩ ዓይናን ተኸፊቱ

ጉድኩም ተቓሊዑ እዩ ኣኺሉ መዓልቱ

ኣብ ቤት ፍርዲ ቅረቡ ኣብ ሄግ ተማጎቱ

ውጹዕ ተዳልዩ ኣሎ ከቅርብ ወረቐቱ

ንብላሽ ኣይውሕዝን' ዩ ንብዓቱ

ናብ ሰማይ ዓሪጉ እዩ በጺሑ መልእኽቱ

ፍትሕን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ
ብገብሪሂወት ወልደስላሰ (ጎነይ) ሳን ዴየጎ